# ሓዳስ ኤርትራ


መበል 33 ዓመት ቁ.313 ዓርቢ 30 ነሓሰ 2024 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ትግሊ እያ ንሎሚ ፈጢራታ!



ገጽ 3
ሳላ ጥርሶ



ገጽ 4
ኣብ ኣካላት ጸቢቕ ስምዒት ዝፈጥሩ



ገጽ 5
ጥዕና ኣእምሮ - ጥዕና መላእ ኣካላት!



ገጽ 7
ሄናክ፡ ሳልሳይ ኣትዩ




# ጨ/ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ንጥፈታት ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ገምጊሙ



ስእሊ - ብዘብር ሰዒድ



ጨንፈር ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዞባ ማእከል፡ ብ27 ነሓሰ - ንጥፈታት ዓመተ-ትምህርቲ 2023/2024 ዝገምገመ ርክብ ኣካይዱ።

ሓላፊ'ቲ ጨንፈር መምህር በላይ ሃብተጋብር፡ እቲ ዕሎማ - ዝበረ ድኽመታትን ብልጫታትን ብውድዓዊ ኣገባብ ገምጊምኩ፡ ትምህርቲ ብዓይነት ብምምሕያሽ ውጽኢት ክብ ንምባል ከምዝሰራሕ ገሊጹ።

መምህር በላይ፡ ኣብ መባእታ ካብ ዝተመዝገቡ 73,375 ተመሃሮ - መጠን ምቁራጽ 0.9 ሚእታዊት፣ መጠን ምሕላፍ 95 ሚእታዊት ከምዝበረ፣ እዚ ምስ ናይ ዓመተ-ትምህርቲ 2022/2023 ክወዳደር እንከሎ ድማ፡ መጠን ምትራፍ ብ4.1 ሚእታዊት ክንክይ እንከሎ፣ መጠን ምሕላፍ ብ4.3 ሚእታዊት ከምዝዓበየ ሓቢሩ።

ኣብ ማእከላይ ደረጃ ካብ ዝተመዝገቡ 40,617 ተመሃሮ - እቶም 87.8 ሚእታዊት ከምዝሓለፉ፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ካብ ዝተመዝገቡ 31,937 ድማ - መጠን ምሕላፍ 87.5 ከምዝበረ እውን ዘርዚሩ።

ሓለፍቲ ኣሃዱታትን ንኡሳን ዞባታትን ድማ፡ ኣብ ምምሕዳራውን ሞያውን መዳያት፣ ንጥፈታት ባህልን ስፖርትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምትእትታው ብቪድዮ ዝተሰነየ ኣገባብ ኣመሃህራ ዝምልከት ጸብጻብ ከቕርቡ እንከለው፡ ኣብ መጻኢ ዝሓሸ ውጽኢት ንምምዝጋብ ብዕቱብ ከምዝሰርሑ ገሊጾም።

ኣብ መወዳእታ፡ ወኪል ክፍሊ ሓፈሻዊ ትምህርቲ - ዳይረክተር ጨንፈር ምክትታልን ምርግጋጽን ብቕዓት ትምህርቲ መምህር ኣብርሃም ተኽሉ፡ ተመዝጊቡ ዘሎ ዝተባባዕ ውጽኢት ዝያዳ ሓላፍነት ዘለዎም ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ወሃደት ናይ ኩሉም ኣካላት ብሓፈሻ፣ ዝምድና ወለድን ኣብያተ-ትምህርትን ድማ ብፍላይ ክሕይል ተላቢዩ።



# ዓንሰባ - 'ንቕሓት' ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ንምብራኽ ይሰራሓሉ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ፡ ንቕሓት ሕብረተ-ሰብ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ክብ ንምባል ይሰራሕ ከምዘሎ፡ ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣገልግሎት መድሃኒት ኣቶ ሓገስ ዘርኣሃይማኖት ገሊጹ።

ብጠቕሊ ሞያ ዘይተኣዘዘልካ መድሃኒት ምውሳድ፣ ኣብ ዝኣዘዘልካ መድሃኒት እውን ሸለልትነት ምርኣይ - ሳዕቤናቱ ከቢድ ምኳኑ ዘዘኻኸረ ኣቶ ሓገስ፡ ዜጋታት ኣብ ኣጠቓቕማ፡ ኣተዓቓቕባን ባህርን መድሃኒት ንዘውጽኦም ሞያዊ ምኽሪ ብዕቱብ ክትግብሩ ተላብዩ።

በዘልማድ "እፈልጦ እዩ፡ ሕማመይ ቀሊል እዩ. . ." እናተባህለ፡ ብዘይ ኣፍልጦ ሰብሞያ መድሃኒት ምውሳድ ከውገድ፣ ብመንገዲ ቤተ-ሰብ ይኹን ብጸርኩመሓዛ ካብ ወጻኢ ዝለኣኽ መድሃኒት ቅድሚ ምጥቃምካ - ንበዓል-ሞያ ምውካስ ከምዘድሊ ኣገንዚቡ።

ኣብ ሆስፒታል ከረን ዝሰርሑ ሞያውያን እውን፡ ዝተኣዘዘልካ መድሃኒት ብጥንቃቐ ዘይምክትታል፣ 'ኣይሰርሓለይን ዘሎ' እናበልካ ብኣደ ወገንካ ምቁራጽ. . . ካብ'ቶም ዝውቱራት ጉድለታት ከምዝኾኑ ገሊጾም።

ኣገልግሎት መድሃኒት ዞባ ዓንሰባ፡ ንቕሓት ጥዕና ኣገልግሎት ዝሃብን ዝርከባ ኣካል ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና እዩ።

# ማ/ስ/ሓ/ፖሊስን ጸጥታን 30 ኣባላት ፖሊስ ኣሰልጢኑ

ፖሊስ ኤርትራ፡ ኣብ ማእከል ስልጠና ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ደቀምሓረ ንሓደ ወርሒ ብኣሰራርሓን ኣተሓሕዛን መዝገብ ብኮልሱ-ሓሳብን ግብርን ዘሰልጠኖም 30 ኣባላት - ብ27 ነሓሰ ኣመረቐ።

ኣብ'ቲ ማእከል ሓላፊ ጨንፈር ፖሊሳዊ ትምህርቲ ሜጀር ዓንደም መሓሪ፡ ሰልጠንቲ ኣብ ኩሉን ዞባታት ካብ ዝርከባ መደበራት ፖሊስ ዝተዋጽኡ ምኳኖም ብምሕባር፡ ንጥፈታት መደበራት ፖሊስ፡ ኣሰራርሓን ኣተሓሕዛን መዛግብቲ፡ ሕጊ፡ ስነ-ምግባር፡ ህዝባዊ ርክብት፡ ከምኡ'ውን ምምሓው ድራግን ናርኮቲክስን ዘጠቓልለ ትምህርቲ ከምዝቐሰሙ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣዛዚ መሰልጠኒ ማእከል ሓይልታት ፖሊስን ጸጥታን ብርጋዴር ጀነራል ኣደም ኮኩል፡ ምኽትል ኣዛዚ'ቲ ማእከል ኮሎኔል ዘርኣይ ቃልኣብ፡ ከምኡ'ውን ሓላፊ ንኡስ ጨንፈር ምምሕዳር ፖሊስ ኤርትራ ሌተና ኮሎኔል ሃይለ በርሀ፡ ንሰልጠንቲ ወረቐት ምስክር፡ ጸብለልታ ዝርኣዩ ድማ ናይ መተባብዒ ሽልማት ዓዲሎም።

ብርጋዴር ጀነራል ኣደም ኮኩል ኣብ ዝሃቦ መዘክሪ ቃል፡ ሰልጠንቲ ዝቐሰምዎ ትምህርቲ ኣብ ቦታ ስራሕ ብቐጻሊ ስራሕን ጻዕርን ከማዕብልዎን ናብ ካልኦት ከመሓላልፍዎን ተላብዩ።



ስእሊ - ጎይትኦም ሞገስ

## ርእይቶ

# ትማሊ እያ ንሎሚ ፈጢራታ!

ማጠቓለሲ ጽሑፈይ፡ ኣብ'ዚ ወርሒ'ዚ ኣብ ቀጽሪ ኤክስፖ-ኣስመራ ካብ ዕለት 10/08/2024 ክሳብ 18/08/2024 ዝተኻየደ ፈስቲቫል ኤርትራ 2024 ምርኩስ ብምግባር እዩ። ምስ ብዓልቲ-ቤተይ፡ ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤክስፖ ዑደት እናኣካየድና እንክለና ፍሉይ ጦብላሕታ ተሰሚዑና። ጦብላሕታይ፣ ኣብ ውሽጢ 9 መዓልቲ ልዕሊ 400,000 ካብ ውሽጥን ወጻእን ዝመጽኡ ሰባት ዝተሳተፍዎ ፈስቲቫል ዝነበረ ወህደት፡ ቅሳነት፡ ርግኣት፡ ሕውነት፡ ፍቕሪ፡ ስኒት፡ ሰላም ኣብ ውሽጢ ቀጽሪ ኤክስፖ እዩ። ምንጪ ናይ'ዚ ኣብ ሃገርና ዘሎ ጸጋ እንታይ እዩ ኢለ እውን ክመራመር ጀሚረ።

ሓሳበተይ ካብ ቀጽሪ ኤክስፖ ብምውጻእ፣ ኣብ ኩለን ዝሓለፋ ሃገራዊ በዓላትና - ማለት መዓልቲ ናጽነትን መዓልቲ ሰማእታትን እውን ሓደ ብሓደ ክዘክረን ፈቲኑ። ህዝብና ልክዕ ከም ሓደ ዕሉም ወተሃደር ብሓንቲ ምንፋሕ ፈሾካ ተወዲቡ፡ ብሓደ ልቢ ከም ዝኾዓዘ ዝነበረ ምስጢር እንታይ እዩ ኢለ ሓሰብኩ። መልሲ ናይ'ዚ ብሓጺሩ ኣብ'ዚ ዓምዲ'ዚ ዝገለጽ እኳ እንተዘይኮነ፣ ሕመረት ናይ'ቲ ጉዳይ ኢለ ዝኣምኖ ክጽሕፍ።

ሕመረት ናይ'ዚ ተፈጢሩ ዘሎ ሰላምን ርግኣትን እንታይ እዩ? ምስጢር ናይዚ ዓወት እዚ'ኸ እንታይ እዩ? ንምዕቃቡ እንታይ ክግበር ኣለዎ? ዝብሉን ካልኦት ሕቶታትን ክለዓሉ ባህርያዊ እዩ።

ናይ ዕድመ ብጾተይ ጸጋን ኣቦን ዝኾኑ መምህር ሓጐስ ወልደሩፋኤል፡ ኣብ ሓደ ኣጋጣሚ ዘዕለሉኒ ከገልጸልኩም። ንሶም ዝበልዎ ከም ዘለዎ ክጠቕሶ፣ "ወዲ-ሰብ ሰብ ዘብሎ ሰለስተ ነገራት ኣገናዚቡ ምስ ዝኸይድ እዩ። ንሳተን ድማ - 'ትማሊ' እንታይ ከም ዝነበረ ግንዛበን ምስትምቓርን ክህልዎ፣ 'ሎሚ' ከም ዘሎታ ብውዱዕ መንገዲ ክርኢያ፣ 'ጽባሕ' እውን እንታይ ክመጽእ ከም ዝኽእል ክሓስብ ኣገዳሲ እዩ" ኢሎም።

እዛ ኣቡነት እዚአ ኣቕሪበያ ዘለኹ፣ ነተን ኣቕሪበየን ዘለኹ ሕቶታት ክትምልሰለይ ስለ እትኽእል እዩ። ምኽንያቱ፡ ትማሊ ረሲዕካ ንሎሚ ጥራይ ክትገልጻ እንተፈቲንካ፡ ኣብ ግጉይ መደምደምታ ኢኻ እትበጽሕ። ንትማልን ሎምን ካብ ዘይላውነት ወጺእ ብውዱዕ እንተ ዘይተንቲንካዮ፣ ንጽባሕ ናብ ዓወት ንምብጻሕ ግና - ፍሉይ ቅዲ ምሕደራ የድሊ ምንባሩ ክፍለጥ ይግባእ። እዚ ኸኣ ዋላ'ኳ ብረታዊ ቃልሲ ሰውራ ኤርትራ ኣብ 1961 ዓ/ም ብተ.ሓ.ኤ ይጀምር እምበር፣ ህዝባዊ ግንባር እዩ ፍሉይ ኣካይዳን ኤርትራ እዩ።

ትማሊ ሃገራዊ ናጽነት ንምምጻእ ከቢድ መስዋእቲ ተኸፊሉ፣ ብዙሕ ዋጋ ተኸፊልዎ። እዛ ብብዙሕ ዋጋ ዝተረኽበት ሃገር ንምህናጽ ሕድሪ ሰማእታት ዝሕላገቱ መንግስቲ ተመስሪቱ። መንግስትና ሕድሪ ሰማእታት ብምኽባር፣ ምዕሩይ ምሕደራ ከም'ቲ ዝድለን ቡቲ ዝጥዐኣን ክትዕወተላ ኣይትኽእልን ኢኻ።

ምስጢር ናይ'ዚ ሕጂ ጨቢጥናዮ ዘሎና ዓወታት፡ ካብ ትማሊ እዩ ዝበገሰ። ትማሊ ክንብል እንከሎና፡ ካብ ሕብረተ-ሰብና ኢና እንነቅል። ዘመናት ዘቑጸረ ምዕቡል ባህሊ ሕብረተሰብ ኣሎና። ሰረት ናይ ሕጂ ዘሎ - ምትሕልላይ፣ ፍቕሪ፡ ስኒት፡ ሓድነት፡ ቅሳነት ወዘተ፡ ካብ ኣቦሓጎታትናን እኖሓጎታትናን ዝተወርሰ እዩ። ቃል-ዓለም ዘኽድልዮ ምዕቡል ባህሊ ኣሎና።

ኣብ'ዚ ብዙሕ ክትንተን ዝኽእል ስለዘሎ ከይነውሓና ከቋርጾ። ካብ'ዚ ሕብረተሰብ እዚ ዝበቖለ - ናብ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ክወስደኩም።

ሕመረት ዓወት ሰውራ ኤርትራ፡ ኣብ'ቲ ፍትሓዊ ዕላማ መሰረት ገይሩ፡ ንሃገራዊ ናጽነት ዝተሳለሰለ ቃልሲ ኢና እንረኽቦ። እዚ ፍትሓዊ ቃልሲ ጥቡብን ተኸቲሉ ኣብ ዓወት ዘብጽሖ።

ኣብ ማሕበራዊ ሰውራዊ ስነ-ፍልጠት፡ ዓወት ኣብ ምጭባጥ ዝለዓለ ተራ ዘለዎ ምሕደራ ምዃኑ ይጽቀጠሉ እዩ። እቲ ምሕደራ ሓያልን ኣብኡታውን እንተኾይኑ፡ ውጽኢቱ ድማ ቀጻሊ ዓወትን ምዕባለን ዘመዝግብ ሓያል ውድብ ክኸውን ሞጎታዊ እዩ። እዚ ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ምስጢር ዓወት ዝኾነ ስነ-ፍልጠታዊ ትንታነ ምርኩስ ብምግባር እምበር፡ ሓያልን ኣብኡታውን ምሕደራ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነይሩ።

እቲ ብቑዕን ውሕሉልን ምሕደራ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፣ ንተጋዳላይ ይኹን ኣባል ሓፋሽ ውድብ ከም ሓደ ኣካል ኮይኑ ዝዋሳኣሉ ባህልን ባይታን ፈጢሩ። ተጋዳላይ ስጋ ዝለበሰ ሰብ ፍጡር ክነሱ፡ ምእንቲ ሃገር በጃ ክሓልፍ ሰጊጥ ዘይብል ነገራዊ ሓይሊ ኮይኑ ተመልሚሉ። እዚ ኣብ ህዝባዊ ግንባር ዝፈረየ ዘይሃስስ ሃገራዊ ጸጋን ሃገራውነትን፣ ምንጩ ውሕሉል ምሕደራ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ተኸሲሉ፣ ሃገራዊ ሃብቲ እውን ብማዕረ ከም ዝከፋፈል ገይሩ።

ምዕሩይ ምቕረሓ ሃብቲ ማለት፡ ኩሉ ሃገራዊ መንግስቲ ዝቐረቦ - መጉዓዝያ፡ ትምህርቲ ብናጻ፡ ሕክምና፡ መጕዓዝያ፡ ጽሩይ ዝስተ ማይ .... ተባጺሑ። ኩሉ ወዲ ሃገር ድማ ብማዕረ ይመሓደር ኣሎ።

ድሕሪ ናጽነት እውን ተጻብኦ ስለዝመጽኣ፡ ሃገር ንምውሓስ ዳግማይ መስዋእቲ ተኸፊሉ። እዚ ተጻብኦ ዝምክት ስርዓተ-ኣካይዳ ተሓንጺጹ ተበጊሱ። ኣብ ውሽጢ'ዚ ህሞት ዘሎ ምረት፣ እዚ ናይ ሎሚ መቕረት ፈጢርዎ።

እዚ ኣብ ሃገርና ተፈጢሩ ዘሎ ቅሳነት፡ ራህዋ፡ ሰላም - ብዕድል ወይ ብዘውሪ ዝመጽአ ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎን ካልእን እዩ መበገሲኡ። ወዲ-ሰብ ድማ፡ ነቲ ግዜያዊ ሸግር ጥራይ ርእዩ እንተተጓዓዘ ቅሳነት ኣይረሓድሮን እዩ። ስለ'ዚ፡ ንትማሊ ብዕምቆት ተረዲእካ ኣብ ሎሚ ምንባርን ንርህው ጽባሕ ምሕሳብን ወሳኒ እዩ።

ዝኾነ ጉዳይ እወታውን ኣሉታውን ዘይብሉ የለን። ኣብ ዓለም ንነገራት ኣብ እንመዝነሉ ግዜ፡ ብኽልቲኡ ኩርንዓት ምርኣዩን ምምዛኑን ኣገዳሲ እዩ። ኣብ ጉዳይና እንተኣቲና፣ እዚ ኣብ ላዕሊ ተዘርዚሩ ዘሎ ሃገራዊ ጸጋታት ዝፈጠረ - ዓብላሊ እወታዊ መዳይ ኣሎና። እዚ እወታዊ መዳይና ብግቡእ ክስተማቐር ተመሪጹ እዩ።

ኣብ መልሲ ናይ መወዳእታ ሕቶይ ክምለሱ፡ እዚ ኣብ ዓለም ውሑድ መዳርግቲ ጥራይ ዘለዎ ጸጋ ሃገርና ብኸመይ ንዕቅቦ እዩ። ሓንቲ ብዘሎ ናይ ሓንቲ ዓርሞሸሻዊትን ዕውትቲን ኩብንያ ክዋገረኩም። እትኣምኖ መትከላዊ ምሕደራ - "ብበጺሕናዮ ዘሎና ዕገባት ኣይቦኸናን፣ ንዚያዳ ዕብየት ክንሰርሕ ኣሎና" እዩ።

ዝኾነ እወታ ምዕቃብ የድልዮ እዩ። ኣብ ሃገርና ዘሎ ሰብኣዊ ጸጋታት ከኣ፡ ሰረት ዘለዎ ስለዝኾነ ብቐሊሉ ዝብረዝ ኣይኮነን። ንምዕቃቡን ቀጻልነቱ ንምውሓስን ዘለኒ ርእይቶ ከቕምጥ።

ንምዕቃብ፡ ብዙሕ ክግበር ዘለዎ ከም ዘሎ ርዱእ እዩ። ሓደ ካብቲ ብዙሕ፣ ነቲ ዝ. ታሪኽ'ዚ ዝፈጠረ ኣካይዳን ፍጻመታትን ምስናድ እዩ። ምስናድ ክበሃል እንከሎ፡ ብፊልም (ቪድዮ ክሊፕ) ይኹን መምሃሪ መጻሕፍቲ ኩዳሎ፣ ኣብ መሰረት ናይ ሓደ ሕብረተ-ሰብ ዝኸሰኻሰሉ - ማለት ኣብ መዋእለ ህጻናት፡ መባእታን ማእከላይን ኣብያተ-ትምህርቲ ክዝርጋሕ፣ ብበደረጃኡን ክርድኦም ብዝኽእል ቅድን ተዓልዩ ጽልዋ ከም ዝሕድር ምግባር።

ንኣብነት፡ ኣብ መበል 32 ዓመት ዝኸሪ ሃገራዊ ናጽነት ዝተኻየደ ንወሰድ። ኣብቲ ግዜ'ቲ ሽግ ናጽነት፡ ብምዕሩግ ኣቀባብላን ህዝባዊ ተሳትፎን ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ ታሪኻዊ ቦታታት ኤርትራ ዑደት ተኻይዱሉ። እቲ ኣብ'ቲ ህሞት እቲ ዝተኻየደ ብቕርጡው ኣቀራርባ ተዳልዩ ምስ ዝዝርጋሕ እምበኣር፡ ውጽኢታዊ ምኾነ። ከምኡ እውን ናይ ኩለን ዝሓለፋ ህዝባዊ በዓላት፡ ትሕቲ ዕድመ ብዝርድኦ ኣቀራርባ ብመስርዕ እንተዝዳሎ ጽቡቕ ነይሩ በሃላይ እየ።

ግርማይ ኣብርሃ
ዓንበርበብ ሽር ካምፓኒ




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣሰፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ
ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቍ.ስ. 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284


ዜና

## ዓንሰባ - ዓይነ-ስዉራን ኣብ ማሕበር ክጥርነፉ ይሕተቱ

ኣብ ዞባ ዓንሰባ ዝርከቡ ዓይነስዉራን ተጠቀምቲ ዕድላት ንምሃን ኣብ ማሕበር ክጥርነፉ ጻውዒት ቀሪቡሎም።

ኣቦመንበር ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ዓይነስዉራን ኣቶ መሓመድ-ብርሃን ጀማል፡ ኣባላት ብዘፍጠረሎም ዕድላት ቁጠባዊ መፍቡርኦም ንምምሕያሽን ሞያዊ ክእለቶም ንምብራኽን ቀጻሊ ጻዕርታት ከምዝካየድን ገዝባዊ ደገፍ ከምዝገበርን ብምሕባር፡ እቶም ገና ኣባላት ማሕበር ዘይኮኑ ዓይነስዉራን መጺኦም ከምዝነብሩን ክውደቡን ኣዘኻኺሩ።

ብርክት ዝበሉ ዓይነስዉራን ተጠቀምቲ ናይ ትምህርቲ ዕድል ብምርካብ ክሳብ ናብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዝበጽሑን ዝተመረቑን ከምኡ'ውን ናይ ስራሕ ዕድል ዝረኸቡ ከምዘለዉ፡ ኣቶ መሓመድ-ብርሃን ብተወሳኺ ገሊጹ።

ሃገራዊ ማሕበር ዓይነስዉራን ንሓርበኛታት ስንኩላን ኲናትን ብዘተፈላለየ ምኽንያት ዑረት ዘጋጠሞም ወገናትን ዝጥርነፍ ኮይኑ - ኣብ ዞባ ዓንሰባ 65 ምዝጉባት ኣባላት ኣለዉዎ።



## ጎልጅ - ጥዕና ጥሪት ንምውሓስ ጻዕሪታት ይካየድ

ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ፡ ጥዕና ጥሪት ንምውሓስ ብሚኒስትሪ ሕርሻ ዝተፈላለየ ጻዕሪታት ይግበር ከምዘሎ ተገሊጹ።

ሓኪም እንስሳ ኣቶ ሰረቐ መድሃኔ እቲ ንኡስ ዞባ - ሰፋሕቲ መጋሃጫታት ዘውንንን ምስ ክልተ ሃገራት ዝዋሰንን ብምዃኑ፡ ካብ በበይኑ ከባቢታት ዝኣምማ ብርክት ዝበላ ጥሪት ከምዝኣንግድ፣ ስለ'ዚ ድማ ሓላለፍቲ ተርእዮ ሕማማት ከምዝኸሰት፣ እዚ ንምክልኻልን ሳዕቤናቱ ንምምካትን ካብ ወርሒ ታሕሳስ 2023 ጀሚሩ - ኣስታት 123 ሽሕ ጠሊ-ብጊዕን 30 ሽሕ ከብትን ጸረ-ፍርማይን ጉልሓይ መሰል ሕማምን ከምእተኸትባ ኣረዲኡ።

ሕማም ዕቡድ ከልቢ ንምግታእ እውን፡ ኣብ ምምሕዳራት ከባቢ ኣምሓጀር፡ ሳብናይት፡ ዓድሽጋላ፡ ድራሱ፡ ገርገፍን ገርሰትን፡ ንሓያሎ ኣኽላባት ክታበት ከምእተዋህበን ክቐጽል ምዃኑን ሓቢሩ።

ኣቶ ሰረቐ፡ ምስ ዘሎ ህጡር ክራማትን ጥዕና ጥሪት ንምውሓስ ዝግበር ዘሎ ጻዕሪታትን፡ ጥሪት ኣብ ጽቡቕ ኩነታት ከምዘለዋ፣ መጋሃጫታት እውን እኹል ሳዕሪ ኣብቍሉ ምህላዉ፡ ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ዋና ዘይብሎም ኣኽላባት ክውገዱ ኣተሓሳሰበ።


# ሕብራዊት ብርዒ

ሃብተሚካኤል ዕቁባስላሴ

## ኣብ ኣካላት ጽቡቕ ስምዒት ዝፈጥሩ

• ማሳጅ ንዝተጨበጡ ጅማውትን መትንታትን ብምፍታሕ ከም ዝዝርጉ ኣብ ውሽጢ ኣካላትና ጽቡቕ ስምዒት ክህሉን ዝዕቢ ኣገባብ ሕክምና'ዩ።

• ኤሮቢክስ ማለት ንምንባር ዘድሊ ኦክስጅን ምህላው'ዩ። እዚ ከኣ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ብምዝውታር ልብን ሳምቡእን ጥዑያት ከም ዝኾኑን እኹል ኦክስጅን ከም ዘፍርያን ምግባር'ዩ። ምንቅስቓስ ኣካላት ንፍሲ-ወከፍ ክፋል ሰብነትና እኹል ኦክስጅን ንምብጻሕ ስለ ዝጠቕመና ድማ ኤሮቢክስ ንጥዕናና ኣድላዪ ይኸውን። መጠን ዑደት ደምና፡ ኣብ እቶም ኣብ ልብና ዘለዉ ሓይሊ ጭዋዳታት'ዩ ዝምርኮሱ። ተረርቲ ጭዋዳታት ልቢ ምስ ዝህልዉና፡ ኣካላትና ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ትርግታ ልቢ እኹል ዑደት ደም ይገብር። እዚ ከኣ ኣካላዊ ንጡፋት ስለ ዝህበና፡ ኣብ ስራሕ ንዊሕ ሰዓታት ናይ ምጽናሕ ተኽእሎና የዕቢ። ሰብ ቅድሚ ኤሮቢክስ ምጅማሩ ሰለስተ ነገራት ኣብ ግምት ከእትዉ ኣለዎም። ቀዳማይ፡ ሓንሳብ ዝጀመርኩዎ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምድግጋም'ዩ። ኣጀማምራ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ሃንደበታዊ ክኸውን የብሉን። ኤሮቢክስ ምግባር ፋልማይካ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ምጅማር ማዕረ እቶም ኣቕዲሞም ክለማመዱ ዝቖዩ ሓያል ዝኾነ ምንቅስቓሳት ክትገብር የብልካን። ምኽንያቱ በብቑሩብ እንተ ዘይተለማሚድካዮ ጽቡቕ ኣካላዊ ብቕዓት ንምውናንን ጥዕናኻ ንምምሕያሽን ኢልካ ዝገበርካዮ፡ ብኣንጻሩ ኣሉታዊ ሳዕቤን ከምጽኣልካ ስለ ዝኽእል። እትገብሮ ሃንደበታዊ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ዘይድገን ናይ ጭዋዳ ጸገም፡ መገመይትን ቃንዛን ከምጽኣልካ ይኽእል። ኤሮቢክስ ክጅምሩ ዝደልዩ ሰባት፡ ፈለማ ብኸመይ ከም ዝጅምርዎ ወጥን ክወጽኡ ኣለዎም። ኣብ ኤሮቢክስ ምውዓይን ምህዳእን ኣካላት ካብቲ ኣገዳሲ ዓይነት ምንቅስቓሳት'ዩ። ምውዓይ ኣካላት ኣብ ኤሮቢክስ ንዝኾነ ዓይነት ምንቅስቓስ ካብ ማህሰይቲ ናጻ ኴንካ ንኽትወጽእ ከኽእለካ እንከሎ፡ ምህዳእ ከኣ ኣብ ኤሮቢክስ ንትርግታ ልቢ ናብ ንቡር ንምምላስ ይሕግዘና። ዝኾነ ምጭብባጥ ጭዋዳታት ዘጋጥሞ ኮነ ጸቕጢ ልቢ ዝሃልዎ ሰብ ህዱእ ምንቅስቓስ ኣካላት ምዝውታር ጥዕንኡ ኣብ ምምሕያሽ ይሕግዞ'ዩ።



## ማርላ ሩንያን

ማርላ ሩንያን ብ4 ጥሪ 1969 ኣብ 'ሳንታ ማሪያ' ካሊፎርንያ እያ ተወሊዳ። ጓል 9 ዓመት እንከላ ድማ ብሕማም ክልተ ኣዒንታ ሰኣነት። ማርላ ራንያን ናይ ደቂ-ኣንስትዮ 5 ሽሕ ሜትሮ ሰለስተ ግዜ ሻምፕዮን ዘበለት ፍልይቲ ኣትሌት'ያ። ኣብ 1992 ኣብ ዝተኻየደ ናይ ክረምቲ ውድድር ኣርባዕተ ወርቂ መዳልያ ዝተዓወተት ብፁልቲ ዝና እያ። ኣብ ናይ 1996 ውድድራት ድማ ተዓዊቲት ብሩር መዳልያ ኩነት። ፔንታትሎን ኣብ ኦሎምፒክ ሓደ ተወዳዳራይ ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለዩ ንጥፈታት ዝወዳደረሉ ግጥም'ዩ። ማርላ ተዓዊቲት ወርቂ መዳልያ ብምኳን ወዲኣቶ። ኣብ 2000 ኣብ ሰድኒ ኣውስትራልያ ኣብ ዝተኻየደ ኦሎምፒክ ንኽትወዳደር ዝተፈቐደላ ናይ ፈለማ ዓይነ ስውርቲ ምኳና'ውን ይፍለጥ። ኣብ ሃገራ ኣመሪካ ድማ ዝተፈላለየ ክብረ ወሰናት ከተመዝግብ ክኢላ'ያ። ንኣብነት ናይ 20 ኪሎ ሜትር (ፍርቂ ማራቶን ደቂ ኣንስትዮ ኣብ 2003) ማራቶን ደቂ ኣንስትዮ (2002) 500 ሜትሮ (2001)፡ ሄፕታትሎን (ኣብ ሸውዓተ ዝተፈላለየ ውድድራት ኦሎምፒክ ብ1996) ደርኪቡዎም። ብዘይካ'ዚ ኣብ 2001 ናይ ገዛእ ርእሳ ታሪኽ ህይወት እተዘንቱ መጽሓፍ (No finish line: my life as I see it) ብዝብል ኣርእስቲ ደሪሳ ንሕትመት ኣብቂዓታ።

ማርላ ካብ 2013 ኣትሒዛ መምህር ናይ ዓይነ ስዉራን ብምኳን እያ ስርሓ ቀጺላቶ።



## ሜላ ምንባር እንስሳታት

ብሜላ ምንባር ኣብ ዝተፈላለዩ እንስሳታት ይርአ እዩ። ዓጋዜን ሓያል ናይ ምሽታት ዓቕሚ ዘለዎ እንስሳ እዩ። ዘብራ ከኣ ሓያል ናይ ምዕዛብ ዓቕሚ ኣለዎ። ስለዚ ድማ ሓያል ናይ ምሽታትን ኣርሒቕካ ምርኣይን ክእለት ይውንኑ። እዞም ሰለስተ እንስሳታት ንሓድሕዶም ተደጋገፎም'ዮም ዝነብሩ። ሓደ ብርሑቕ ንዘለዉ ክርኢ እንከሎ፡ እቲ ካልእ ይሽትት፡ እቲ ሓደ ከኣ ይወጭጭ።

ብሓፈሻ መነባብሮኦም ዋላ'ውን ካብ ቦታ ናብ ቦታ ክገዓዙ ከለዉ ብሓባር'ዮም ዝንቀሳቐሱ። ናይ በረኻ እንስሳታት ኣብ ፈታኒ እዋን እቲ ካብ ኩሎም ዝበልሐ'ዩ ኑብሱ ዘድሕኑ። ንኣብነት፡ ካብ ዓጋዜን ዘብራ ይኸርሑ። ኣብ ጉዕዞ ካብ ሓደ ቦታ ናብ ካልእ ክሰጋገሩ እንከለዉ፡ ዘብራ ንፈለግ ቅድሚ ምስጋሮም፡ ፈለማ ንዓጋዜናት'ዮም ከሕልፍዎም ዝመርጹ። እቲ ምኽንያት ከኣ ሓርገጽ ኣብቲ ፈለግ እንተ ጸኒሑ ፈለማ ንዓጋዜን ምእንቲ ክረኽቦ። ሓርገጽ ዝሓዘ ምስ ሓዘ ድማ ዘብራ ፈለግ ምስጋር ይጅምሩ። ኣብ ግዜ ሓደጋ መጠን ፍጥነት ዝገዓዝዎ ዝተፈላለየ እዩ። ዓጋዜን ክሳብ 95 ኪ.ሜትር ኣብ ሰዓት ይሕንብቡ፤ ቅልጣፈ ናይዚ ዓጋዜን ካብ ናይ ቺታ ዝተሓተ እኳ እንተኾነ፡ ልዑል ቅልጣፈኡ ከይዘከየ ንዊሕ ክገዓዝ ዓቕሚ ኣለዎ። ዝ ክዙብር ዘኽእሎ ድማ ግዝፈ ልቡን ሳንቡኡን እዩ። ስሉሓ ኣብ ሰዓት ክሳብ 76 ኪሎ ሜትር ንዘበጽሕ ቅልጣፈኡ ካብዚ ሓደጋ ንምምላጥ ትጥቀመሉ።

ብቕልጣፈ ኣብ ቀዳማይ ደረጃ ዝስራዕ ቺታ - ካብ ዓለም ዝቐልጠፈ መጥባዊ እንስሳ'ዩ። ቅልጣፈኡ ኣብ ሰዓት 120 ኪሎ ሜተር ይበጽሕ። ኣዛብእ ኣብ ሃድን ክሰተፉ እንከለዉ ብጥርኑፍ'ዮም ዝሃድኑ። ኣዛብእ ኣዝዮም ሰሱዓት ኣራዊት'ዮም። ዕድል እንተ ረኺቦም ንዘበልዕምምን ዘይበልዕምምን እንስሳታት ኣረርኪቦም ብኹቡዶም እናበትበቱ'ዮም ዝጸይይቕምዎም። ኣዛብእ ካብ እንስሳታት እቶም ዝሓሰሙ፡ ዝኸፍኡን ብሕማቕ ዝግለጹን እንስሳታት'ዮም።



## ጠንቅታት ጽምመት

ኣእዛን ኣገደስቲ ክፋል ኣካላት ደቂ ሰብ እዮም። ዝህልዎም ጥቕሚ ድማ ኣዝዩ ዓቢ'ዩ። ብወሊዱ ሓደ ጥዑይ ኣእዛን ዘለዎ ሰብ ብቐጥታ ሚዛን ሰብነቱ ክሕሉ ይኽእል። እዚ ድማ ብዘይካ እቲ መሰረታዊ ናይ ድምጺ ምስማዕ ካልእ ጥቕሚ ኣእዛን'ዩ። እዝኒ ደጋዊ፡ ማእከላይን ወሽጣውን ዝበሃሉ ክፋላት ኣለዉዎ። ኩሉ ሃገር ካብ ደገ ናብ ውሽጢ ስለ ዝኣቱ፡ ብፍላይ ዚ ግዳማዊ ክፋል ካብ ርስሓትን ካልእ ዘድሊ ምትንኻፋትን ክንጥንቀቐሉ የድሊ። ሙብዛሕትኡ ሕማማት ብርስሓት ስለ ዝፍጠር ድማ እቲ ቀንድን ኣገዳስን ጽሬት'ዩ። እቲ ከብዕ ኢልና እንጽውዖ ርስሓት ኩሉ ሓደገኛ ኣይኮነን። ገለ ክፋሉ ንኣእዛን ካብ ዝኾነ ዝኣቱ ነገራት ይከላኸለሎም'ዩ። እቲ ከብዕ እንተ በዚሑ ግን፡ ክሳብ ምስማዕ ምስኣን ከበጽሕ ይኽእል። ቃንዛ እናገበረ ወይ ክሳብ ርእሰኻ ዘንጸራርወካ እንተደኣ ኣሕሚሙካን ዘይንብር ድምጺ ክሰማዓካ እንተጀሚሩን ግና ንምኽሪን ፍወሳን ናብ ሕክምና ምኻድ የድሊ።

ጽመት ሓደ ካብ ዓይነታት ሰንክልና ኰይኑ፡ ናይ ምስማዕ ድምጺ ናይ ምስትምቓርን ክእለት ምስኣን ማለት እዩ። ጽመት ብዝተፈላለየ ባህርያውን ዘይባህርያውን ሓደጋታት ዝኸሰት ሕማም ወይ ሰንክልና'ዩ። ገለ ካብ ቀንዲ ጠንቅታት ጽመት ምስ እንርኢ፦

• ተወርሶ– ጠንቂኺ ብንጹር እንተ ዘይተፈልጠ ገለ ሰባት ብጽመማቶም ይውለዱ እዮም። ኣብ ግዜ ጥንሲ ገለ መጉዳእቲ እንተ ኣጋጢሙ ኣብ ልዕሊ ህጻን ጽመት ክስዕበውን ከምዝኽእል ጥዕናዊ መጽናዕትታት ይሕብር። ጽመት ዋላ'ኳ ይውረስ እንተኾኑ ጽሙማን ጥዑያት ክወልዱ ጥዑያት'ውን ብኣንጻሩ ጽሙማን ክወልዱ ይኽእሉ'ዮም።

• ሕማም እዝኒ– ረኽሲ እዝኒ ፈሳሲን ከቲዕን የኸትል። ጸቕጢ ኣብ ውሽጢ እዝኒ እንድሕር ተፈጢሩ ከበሮ እዝኒ ናይ ምትዕጽጻፍ ተኽእሎኡ ውሑድ ይኸውን። ረኽሲ ምስ ሓወየ ፈሳሲ ናብ ደገ ይወጽእ ወይ ኣብ ኣካላት ተሰሪዩ ይጠፍእ። በዚ ከኣ ናይ ምስማዕ ጸገም ይስዕብ።

• መቖሰልቲ እዝኒ ወይ ምቕዳድ ከበሮ እዝኒ– ብመቖሰልትን ሕማምን ዝመጽእ ኩይኑ፡ ጽመት የስዕብ። ከበሮ እዝኒ ረቂቕ ሽፋን ንካናለ እዝንን (The ear canal) ማእከላይ ክፋል እዝንን (Stapes bone) ዝፈላሊ'ዩ። መብዛሕትኡ ግዜ ከበሮ እዝኒ ግቡእ ክንክን እንተ ተገይሩሉ ባዕሉ ይሓዊ እዩ። በዙም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልእን ጠንቅታት ሕማም ጽመት እዝኒ ክኸሰት ይኽእል'ዩ። ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ ዓይነት ጽመት ኣለዉ።

• ዘይፍሉጥ/ዘይንጹር ሰእነት ምስማዕ– ካብ ውሽጢ እዝኒ ናብ ሓንጎል ዝኸይድ ማስምዒ መትኒ፡ ሓበሬታ ድምጺ ናብ ሓንጎል ምልኣኽ ምስ ዘቋርጽ ዝፍጠር ጸገም ምስማዕ'ዩ። በዚ ምኽንያት ድማ ድምጺ ብንጹር ክሰማዕ ኣየኽእልን።

• ዝተሓዋወሰ ሰእነት ምስማዕ– እዚ ጥምረት ናይ ክልቲኡ ሰእነት ምትሕልላፍን ዘይፍሉጥ/ ዘይንጹር ሰእነት ድምጽን ዘኸትሎ ሽግር ናይ ምስማዕ እዩ።



## ጥቕሲታት ሕብራዊት ብርዒ

• "ጻዕሪ እንተ ዘይሃልዩ ምዕባለ ዝበሃል የለን።"- **ፍረደሪክ ዳግላስ**

• "ዕብየት፡ ናይ ሎሚ ንጥፈት ኩይኑ ናይ ጽባሕ ውሕስነት እዩ።"- **ራልፍ ዋልዶ ኤመርሰን**

• "ፍቕሪ ከመይ ዝኣመሰለ መሕረቕን ጽላለን'ዩ ድሕሪ'ዚ ግና… ድሕሪ'ዚ እሞ እዚ ዘይብሃል ጥዑም ነገር'ዩ።"- **ሮበርት ብሮዊንግ**

• "ተስፋን ፍርሕን ደረጅኦም ስለ ዝፈላሉ ኣብ ሓደ ቦታ ብሓንሳብ ኣይቅመጡን እዮም።"- **ማያ ኣንጀሎ**

• "ጹሓይ ዓራብ ኢልካ ኣይትብኸ፡ እቲ ምንታይ'ሲ ንብዓትካ ከዋኽብቲ ንኽትርኢ ኣይክፈቕደልካን'ዩ።"- **ቫዮሌታ ፓራ**

• "ፍርሒ ንመጻኢ ፍጹም ኣይሃንጾን እዩ፡ ንመጻኢ ተስፋ እዩ ዝሃንጾ።" - **ዘይተፈልጠ**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.

1. **Position: Drill Rig Supervisor**

**Department: Mining**
**Number required: One (01)**

**Primary Purpose**

- Managing the Drill Rig Maintenance Section

**Main functions**

- The Drill Rig Supervisor shall be responsible for scheduling, coordinating and supervising the work of all Drill Rig Section maintenance operatives, ensuring that all work is delivered safely on time and within budget along with managing equipment and materials required.
- This will involve ensuring that all Company and legal regulations are implemented, that all required documentation is completed as necessary and recording daily work appropriately in accordance with the Department's requirement.

**TASK DESCRIPTION Expanded TO CORE PERFORMANCE AREAS**

- Ensuring maintenance and repairs of the Mining Drill Rigs is carried out in an efficient and effective way in order to minimize equipment downtime.
- Ensuring that routine and random equipment and work environment inspections are conducted to standard and documented accordingly to the stipulated Mine procedures.
- Assisting Section members in conducting failure analysis investigation of reoccurring or unique failure for the purpose of avoiding repeated failure as well encouraging innovation and creativity.
- Leading in identifying and implementing cost saving initiatives within the Section.
- Ensuring that all Section personnel have job relevant training requirements to carry out tasks assigned to them.
- Leading labor and materials management process in the Section to ensure efficient management of resources, thus, sustaining efficient labor utilization and avoiding parts run out.
- Ensuring that all work performed within the Section is documented according to the requirements of the HME Department CMMS system.
- Ensuring that tasks are completed on time and within budget.
- Ensuring that all work is carried out according to standard operating procedures ensuring integrity of the equipment is guaranteed (equipment reliability maintained) and personnel work in a safe environment.
- Ensuring that all Section personnel have job relevant training requirements to carry out tasks assigned to them.
- Liaising on a daily basis with the Superintendent on the planning and execution of the Section tasks.
- Assisting the Superintendent in driving the process of skills transfer to national employees by ensuring that the expats are allocated National Technicians to coach and ensuring periodical review of performance is conducted.
- Managing employee's performance goals. Thus, setting clear goals, determining key job responsibilities,
- identifying and using skills, coaching and giving continuous feedback, and providing an objective appraisal of performance for his subordinates.
- Implementing Company requirements and legal regulations, paying specific attention to Health, Safety and Environmental legislation and quality
- Ensuring that all Section personnel have job relevant training requirements to carry out tasks assigned to them.

**UNIQUE REQUIREMENTS/OTHER INFORMATION**

- Candidate must be physically fit.
- Candidate must be able to work under severe conditions such as heat, wind and dusty environments.
- Candidate must be able to work at heights (various kinds of vehicles).

| Qualifications: | Knowledge and Experience |
|---|---|
| • Minimum Technician certificate in Diesel Mechanic.<br>• Degree highly considered. | • 5 - 8 years with HME Maintenance and repair of drill rigs in a mining environment.<br>• CAT Drill experience essential<br>• At least 3 years in a supervisory role. |
| **Technical Skills** | **Behavioral Skills** |
| • Basic Computer Knowledge<br>• Attention to detail, Analytical skill<br>• Should have an understanding of hydraulic systems<br>• CAT Drill rig experience essential<br>• Planning, Report Writing | • Communication (English), Assertiveness<br>• Prioritizing skills & multi-skilling<br>• Ability to work towards strict deadlines<br>• High level of accuracy |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** **Bisha.**
- **Salary:** **As per Company salary scale.**
- **Type of Contract:** **Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.).**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to:-**
**Bisha Mining Share Company,**
**P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application to:**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**



ብስም ወ/ሮ ሸውሃት እምባየ ዝተመዝገበ ናይ ናቕፋ ኮርፖረሽን ናይ ብርኪ ሰነድ ስለዝጠፈኣኒ፡ ረኺበዮ ወይ'ውን ብዕዳ ሒዘዮ ዝብል እንተሃልዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ብቴሌፎን 07488719 ደዊሉ ይርከበኒ። እንተዘይኮይኑ፡ ካብ ዝምልከቶ መተካእታ ሰነድ ክወሃበኒ ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ወ/ሮ ሸውሃት እምባየ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሄኖክ፡ ሳልሳይ ኣትዩ

ሓደ ካብ ብሉጻት ኣፍሪቃውያን ተቐዳደምቲ ዝኾነ ኤርትራዊ ሄኖክ ምሉእብርሃኑ ትማሊ ኣብ ሳልሰይቲ መድረኽ ዙር ሃይናን ሳልሳይ ኣትዩ።

ኣብዚን ቀዳሞት ክልተ ናይ ሌጣ ጎልጎል መድረኻት ዓቕብታት ዘለዎ ዝተፈልየ ቅርጺ መሬት ዝበሮ ሳልሰይቲ መድረኽ 181.3 ኪሎሜተር እያ ሸፊና። ተቐዳዳማይ በርገስ ኒውዚላንዳዊ ኣሮን ጌት ከኣ ኣብ ኣጋ መወዳእታ ብዘዘበሮ ዕወት መጥቃዕቲ - ብ4 ሰዓት፡ 21 ደቒቕን 32 ካልኢትን ዕወት መድረኽ ኮይኑ።

ድሒሩ ዝበረት ጉጅለ ኣብ ዝበረቶ ቅጽበታዊ ውድድር ድማ ኮሎምብያዊ ኣባል ተም መደሊን - ዊልማር ፓረደዝ ንኹሉም ረቲዑ ሕንጻጽ ረጊጹ፣ ካልኣይ ደረጃ ሓዚ። ተቐዳዳማይ ኣስታና - ሄኖክ ምሉእብርሃን ከኣ ሳልሳይ ደረጃ ሓዚ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ትረንጋኑ መርሃዊ ቀዱሱ ብዝመሳሰሊ ፍልልይ መበል 11 ኣትዩ። ወዲ ጋንታኡ መትከል እዮብ ከኣ 4 ደቒቕን 52 ካልኢትን ድሒሩ መበል 52 ደረጃ ሓዚ ዛዚሙ።



ሄኖክ ምሉእብርሃን - ብዮማን ጸግዒ ዘሎ

በዚ ወጽኢት፡ ብዮሚ ማልያ ኣሮን - ብ10 ሰዓት፡ 30 ደቒቕን 02 ካልኢትን ለቢሰዋ ኣሎ። ዊልማር፡ 18 ካልኢታት ተፈንቲቱ እንክስዕቡ ብቐደሚ ትማሊ መበል 54 ዝበረ ሄኖክ፡ 20 ካልኢታት ድሒሩ ናብ ሳልሳይ ደረጃ ሓኺሩ ኣሎ። መርሃዊ፡ 24 ካልኢት ድሒሩ ካብ ዝበሮ ተርታ 10 ደረጃታት ኣመሓይሹ ሻዱሻይ ተሰሪዑ ኣሎ። መትከል ከኣ ብ15 ደቒቕን 10 ካልኢትን ድሒሩ መበል 49 ደርኪቡ።

ንናይ ነጥቢ ቀጠልያ ማልያ'ውን ተቐቢልዋ ዘሎ ኣሮን፡ ብ34 ነጥቢ ይመርሕ። ሄኖክ፡ ብ23 ነጥቢ ሓሙሻይ፡ መርሃዊ ብ18 ነጥቢ ሻውዓይ ተርታ ሒዞም ኣለው።

ዙር ሃይናን ሎሚ ዓርቢ ሰለስተ ፈተንቲ ናይ ሓደ ካታጎሪ ዓቕብታት ብዘለዋ ራብዐይቲ መድረኽ ክቕጽል እዩ። 151.3 ኪሎሜተር ድማ ክሽፍን እዩ።

ብዘይካ'ዚ፡ ተቐዳዳማይ ኢንተርማርቼ ኣሎምፒካዊ ተቐዳዳማይ ቢንያም ግርማይ፡ ትማሊ ኣብ ናይ ውልቂ ናይ ግዜ ውድድር (ክሮኖሜተር) ዙር ረቡዕ ካብ ዕወት 2 ደቒቕን 13 ካልኢትን ድሒሩ መበል 131 ደረጃ ሓዚ። እዚ ውድድር፡ ሎሚ 185.5 ኪሎሜተር ብእትሸፍን ሳልሰይቲ መድረኽ ክቕጽል እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተቐዳደምቲ ክሉብ ኣስታንኡል በጀስሂር - ናትናኤል ብርሃን ጴጥሮስ መንግስቱ፡ ከምኡ'ውን ኣባል ባይክ ኣይድ ዳዊት የማነ ሎሚ ኣብ ዝጀምር ዙር ሮዝ ሳልባሺን ክወዳደሩ እዮም። ናይ 2.2 መለክዒ ዘለዎ እዚ ኣብ ቱርኪ ዝካየድ ውድድር፡ ኣርባዕተ መድረኻት ኣለዎ። ጽቡቕ ዕድል ንተቐዳደምትና።

## ማክቶሚናይ፡ ናብ ናፖሊ ግዒዙ

### ሉካኩ፡ ደጊሙ ናብ ኢጣልያ . . .




ኣካፋሊ ማን ዩናይትድ ስኮት ማክቶሚናይ፡ ናብ ኢጣልያዊት ክሉብ ናፖሊ ንምጽምባር ትማሊ ናብ ኢጣልያ ኣቕኒዑ።

ኣብ ከተማ ናፕለስ ምስ በጽሐ ኣማኢት ደገፍቲ ተረኺቦም ዝተቐበልዎ ማክቶሚናይ፡ ብ25.2 ሚልዮን ፓውንድ (30 ሚልዮን ዩሮ) ከምዝተሰጋገረ እዩ ዝገለጸ። በዚ መሰረት ከኣ ሓደ ካብቶም ናይ ኩሉ ግዜ ዝኸበሩ ስኮትላንዳውያን ተጻወትቲ ክኸውን እዩ።

ብኣንቶንዮ ኮንተ እትእለ ዘላ ናፖሊ፡ ንኻልእ ስኮትላንዳዊ ኣካፋሊ ክሉብ ብራይተን - ቢሊ ጊልሞር ክተፈርሞ ኣብ ተስፋ ከምዘላ'ውን ይሕበር። እዛ ጋንታ፡ ኣሰታት 12 ሚልዮን ፓውንድ ክትከፍለሉ ድማ ትጸበ ይግበር።

ምውጻእ ማክቶሚናይ፡ ነታ ንማኑኤል ኡጋርተ ካብ ፒኤስጂ ክተፈርሞ ምፍኣና ርጉጽ ኮይኑ ዘሎ ማን ዩናይትድ ፋይናንስያዊ ሓገዝ ዝሁብ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ቸልሲ ዘይዕወት ግዜ ድሕሪ ምሕላፉ ክልተ ግዜ ብልቓሕ ኣብ ኢጣልያ ምስ ኢንተር ሚላንን ሮማን ዝተጻወተ ሮሜሉ ሉካኩ ትማሊ ብቐዋሚ ምስ ናፖሊ ተጸምቢሩ።

እዚ በልጃዩማዊ፡ ብ25 ሚልዮን ፓውንድ (30 ሚልዮን ዩሮ) እዩ ናብ'ቲ መጋልዕቲ ዝኾነ ሰሪኣ ተመሊሱ ዘሎ። ምስቲ ኣብ ኢንተር ሚላን ዓሚኡ ዝበረ ኣንቶንዮ ኮንተ ደማ ዳግማይ ተጸምቢሩ ኣሎ። እዚ ወዲ 31 ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ፡ ናይ ሰለስተ ዓመታት ውዕል ፈሪሙ ኣሎ።

ምምጻእ ሉካኩ፡ ንቪክቶር ኦሲመን ማዕጾ ዘርሑ ምኻኑ ይሕበር። ካብ ናፖሊ ክወጽእ ድሉት ከምዝለዎ ዝገለጸ ኦሲመን፡ ብቸልሲ ተባሂጉ ዘሎ ናይጀርያዊ ኣጥቃዓይ እዩ።



> **መደብ ጸወታ**
> **ሎሚ**
> ሰሪኣ
> ኢንተር ሚላን - ኣታላንታ
> 9:45 ምሸት

## ክረምታዊ ውድድር ግራስ ሩት ዞባ ማእከል ይቕጽል

ክረምታዊ ውድድር ኩዕሶ እግሪ ግራስ ሩት ዞባ ማእከል፡ ዝሓለፈ መዓልታት'ውን ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቀትሪ ቀጺሉ ነይሩ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ባርካ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ዘካየዳኦ ጸወታ፡ ፓራዳይዝ ገጀረትን 2-ብ2 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ኣኽርያ ንበርኽ 2-ብ1 ሰዒራታ። ብደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሰምበል ንጎዳይፍ 4-ብ3 ረቲዓታ። ኣብ ትሕቲ 13 ዕድመ ደቂ ተባዕትዮ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ንሰምበል 2-ብ0፡ ጎዳይፍ ንኣኽርያ 1-ብ0 ሰዒረናአን።

ኣብ ቤ/ት ቀደሕ ባሕሪ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ተጻዊተን ነይረን። ጸጸራት ከኣ ንቲራቮሎ 8-ብ1 ሰዒራታ። ኣብ ናይ ትሕቲ 15 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ድማ፡ ገጀረት ንጸጸራት 5-ብ1፡ ናይ ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ፡ ገጀረት ንበርኽ 1-ብ0፡ ቲራቮሎ ንጸጸራት 3-ብ2 ሰዒረናአን።



ኣብ መዓስከር ደንደን ትሕቲ 17 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ተጻዊቶም ነይሮም። ፓራዳይዞ ንኣርባዕተ ኣስመራ 5-ብ1፡ ገዛ ጥንዳ ንጋላ ናፍሒ 3-ብ1፡ ኣብ ናይ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ኣንስትዮ ፓራዳይዞ ንኣርባዕተ ኣስመራ 4-ብ0፡ ጎዳይፍ ንኣኽርያ 2-ብ0፡ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ገዛ ጥንዳን ፓራዳይዞን 0-ብ0 ክፈላለያ እንከለዋ፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንጋላ ናፍሒ 6-ብ3 ረቲዓታ።

ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ኣስመራ ሓፈሻዊ ትሕቲ 13 ዓመት ደቂ ተባዕትዮ ተጻዊቶም። ማይ ተመናይ ንኣባሻውል 5-ብ1 ክትስዕሩ እንከሎ፡ ማእከል ከተማን ሰረጀቓን 1-ብ1 ተፈላልዮን። ኣብ ትሕቲ 15 ደቂ ተባዕትዮ፡ ማእከል ከተማ ንኣባሻውል 5-ብ1፡ ናይ ትሕቲ 17 ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ማይ ተመናይ ንኣባሻውል 3-ብ0፡ ሰረጀቓ ንማእከል ከተማ 3-ብ2 ከም ዝሰዓረኦን ህዝባዊ ርክብ ናይ'ቲ ውድድር ሓቢሩ።

## ትሪፐር፡ ካብ ኣህጉራዊ ጸወታ ጥሮታ ወጺኡ

እንግሊዛዊ ተጻዋታይ ክሉብ ኒውካስል - ኪራን ትሪፐር፡ ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ምውጽኡ ትማሊ ኣፍሊጡ።

ብናይ ኢንስታግራም ሕሳቡ ኣቢሉ ከምዝተፋነወ ዘፍለጠ ትሪፐር፡ “ንሃገረይ 54 ግጥማት ክጻወተላ ሓሳብ ኣይፈልጥን። ንሃገረይ ኣብ ኣርባዕተ ዓበይቲ ውድድራት ምውካለይ፡ ሓደ ካብ ዓበይቲ ክብረታት ናይ ሂወተይ እዩ። ንኣሰልጠኒ ጋረዝ ሳውዝጌት፡ ንደቂ ጋንታይን ንኹሉም ሰታፍ እዛ ጋንታን ኣመስግን። ንሓዳሽ ኣሰልጣኒ ሊ ካርስሊ፡ መሳርሕቲን ነዛ ጋንታን ድማ ጽቡቕ ዕድል እምነየሎም።” ኢሉ።

እዚ ወዲ 33 ዓመት ተኸላኻሊ፡ ኣብ ዘመነ መሪሕነት ሳውዝጌት፡ ዓቢ ተራ ከምዝተጻወተ ይግለጽ። ድሕሪ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 መዘኑ ዘረከበ ሳውዝጌት ድማ ነዚ ወዲ ሃገሩ ተጻዋታይ “ተቓላሳይ” ኢሉ ይገልጾ ነይሩ።

ብመንጽሩ፡ ብምውጻእ እዚ ኣብ ጸጋማይ ክንፊ ምክልኻል'ውን ዝሰለፍ ምኩር ተጻዋታይ፡ ንግዚያዊ ዓላሚ ሊ ካርስሊ ዋሕዲ ምርጫ ዓይነታውያን ተጻወትቲ ኪጋጥሞ ከምዝኽእል ይግለጽ። ኣብቲ ቦታ ቀዳማይ ምርጫ ክኸውን ዝኽእል ዝበረ ሉክ ሻው ብሰንኪ መጉዳእቲ ካብ ጸወታ ርሒቑ ብምህላዉ ከኣ እቲ ቦታ ዓቢ ሃጓፍ ኣጋጢምዎ ምህላዉ ይግለጽ። ሊ፡ ትማሊ ኣብ ኔሽንስ ሊግ ዝጻወቱሉ ተጻወትቲ ኣብ ዝመረጸሉ፡ ንተኸላኻሊ ቸልሲ ለቪ ኮልዊል መሪጽዎ ምስ ምህላዉ ከኣ ኣብቲ ቦታ ክሰለፍ ትጸቢት ይግበር።

ካብ 2017 ጀሚሩ ንሸውዓተ ዓመታት ማልያ ሃገሩ ለቢሱ ኣብ 54 ግጥማት ዝተጻወተ ትሪፐር፡ ኣብ ፍርቂ ፍጻመ ዋንጫ ዓለም 2018፡ ንክሮኤሽያ ዘመዝገቦ ብልጽቲ ፍጹም ቅላዕ ከኣ እንኮን ተዘኻሪትን ሸቶኡ እያ።

> **ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል ጽባሕ ክዛዘም እዩ**
>
> ንኣስታት ሰለስተ ኣዋርሕ ክካየድ ዝጸንሐ ስፖርታዊ ውድድር እዚ ማእከል፡ ጽባሕ ቀዳም ክዛዘም እዩ።
>
> እዚ ቅነ ውድድር፡ ጋንታታት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ተባዕትዮ ጸንዓትን ዛራን፡ ሰዓት 9:00 ቅ.ቀ ብዝካየዳኦ ናይ ፍጻመ ጸወታ እዩ ክዛዘም።

## ቦርንማውዝ፡ ንኬፓ ኣፈሪማቶ

ቦርንማውዝ ንሓላዊ ልዳት ቸልሲ ኬፓ ኣሪዛባላጋ፡ ነዚ ወቕቲ ብልቓሕ ንኽተጻውቶ ኣፈሪሞቶ።

ኣብ 2018 ካብ ኣትለቲክ በልባኦ ብ71 ሚልዮን ፓውንድ ካብ ቸልሲ ዝተሰጋገረ ኬፓ፡ ዋላ'ኳ ኣብዚን ቀዳሞት ዓመታት ቀዋሚ ሓላዊ ልዳት እንተነበረ፡ ቀስ ብቐስ ግና፡ ቦታኡ ከምንጠልን ዝሰለፈሉ ደቃይቕ ክውሕድን ተገዲዱ እዩ። ዝሓለፈ ዓመት ከኣ ብልቓሕ ናብ ሬያል ማድሪድ ተሰጋጊሩ ተጻዊቱ ነይሩ። ማድሪድ፡ ቀዳማይ ሓላዊ ልዳታ ቲቦት ኳርቱዋ፡ ኣብ ምጅማር እታ ወቕቲ ብስሪ ዘጋጠሞ ከቢድ መጉዳእቲ ንዓመት ምሉእ ከምዘይትጥቀመሉ ድሕሪ ምፍላጣ እያ፡ ንኬፓ ኣፈሪማቶ ነይራ።

እንተኾነ፡ ኣብዛ ክሉብ'ውን ቀጻሊ ክስለፍ ኣይከኣለን። ካርሎ ኣንቸሎቲ፡ ልዕሊኡ ንቤልጀይናዊ ሓላዊ ማዕጾ ሉኒን የቐድም ምንባሩ ይዝከር። ኣብ 20 ዝተፈላለዩ ግጥማት ተሰሊፉ ዋንጫ ላ'ሊጋን ሻምፕዮንስ ሊግን ተዓዊቱ ግና፡ ናብ ቸልሲ ተመሊሱ።

ኬፓ፡ ናብዛ እንግሊዛዊት ክሉብ ኣብ ዝተመልሰሉ'ውን ቦታኡ ውሑስ ከምዘይኮነ ኣብ ትሕቲ ሓዳሽ ኣሰልጣኒ ኢንዞ ማሬስካ ቀጺሉ ዕድል ከምዘይረኽበን ተገንዚቡ እዩ። ብዕብኡ፡ ምስቶም ካብ ቀዳመይቲ ጋንታ ወጺኦም በይኖም ዝለማመዱ ዘለው 14 ተጻወትቲ ብምንባሩ፡ ዝሓሸ ዕድል ክረኽበሉ ናብ ዝኽእል ክሉብ ክሰጋገር ከምዝኽእል ክገልጽ ጸኒሑ እዩ። በዚ ከኣ ቅድሚ ክልተ መዓልቲ ምዕጻው መስኮት ምስግጋር፡ ናብ ቦርንማውዝ ብልቓሕ ተሰጋጊሩ ኣሎ።

ብዝተሰጋገረሉ መጠን ገንዘብ ዝኸበረ ሓላዊ ልዳት ዓለም ዝኾነ ኬፓ፡ ኣብዛ ሰሙን ኑቲ ኣብ 2025 ዝበቅዕ ውዕሉ ብሓንቲ ዓመት ኣናዊሕዎ እዩ። በዚ ዝፈረሞ ውዕል ድማ፡ ቸልሲ፡ ኣብ ክራማት 2025 ብናጻ ንኸይትኸስሮ ዝበራ ስግኣት ቀንጢጡላ እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ካልእ ሓላዊ ማዕጾ ቸልሲ ጆርጅ ፔትሮቪች፡ ብልቓሕ ናብ ፈረንሳዊት ክሉብ ስትራስቦርግ ተሰጋጊሩ። ሓለውቲ ልዳት ሮበርቶ ሳንቸዝን ፊሊፕ ጆርገንሰንን፡ ቀዳማይን ካልኣይን ምርጫ ኢንዞ ማሬስካ እዮም።

# ዜና ወጻኢ

ሸዊት ተኽለ

## ቀይሕ-ባሕሪ - ሑቲ ናይ 'ምድሓን' ስርሒት ክካየድ ተሰማሚዖም

የመናዊ ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ብኣጸቶም ንዝተሃርመት ነዳዲ ዝጸዓነት መርከብ ግሪኽ ናይ ምድሓን ስርሒት ክካየድ ከምዝተሰማምዑ ኣፈኛ ናይ'ቲ ጉጅለ ገሊጹ።

ኣብ ሊባኖስ ብዝመደበሩ ብሑቲ ዝምሓደር ቴለቪዥን 'ኣል-ማሲራህ' ዝተመሓለለፈ መግለጺ ከምዘመልከቶ፡ እቲ ስምምዕ - ምስ ኣምባሳደራት ሕብረት ኤውሮጳ ኣብ ማእከት - ምግን ድሕሪ ዝተኻየደ ዝርርብ እዩ ተበጺሑ።

ብላሕኩ ነዳዲ ብኮላ ክቢ ከይስዕብ ተሰጊኡ ኣብ ዘለወሉ እዋን ድማ እዩ - ዝግለጽ ዘሎ።




እታ 150 ሽሕ ቶን ዘይተጻረየ ነዳዲ ዝጸዓነት መርከብ፡ ሑቲ ካብ ዝቈጻጸራ ወደባዊት ከተማ የመን - ሑደይዳ ተደጋጋሚ መጥቃዕቲ ምስ ዘበ - ካብ 23 ነሓሰ ኣትሒዛ ትነድድ ከምዘላ ይሕበር።

ሑቲ ኣብ ልዕሊ'ታ መርከብ ንዝተፈጸመ መጥቃዕቲ ምሉእ ሓላፍነት ከምዝወሰዱሉ እውን ይዝከር።

ብመሰረት መግለጺ ሑቲ እቲ መጥቃዕቲ ብሓያሎ ጀላቡ፡ ባሊስቲካዊ ሚሳይላትን ሰብ-ኣልቦ ነፈርቲን ዝተፈጸመ እዩ።

ዕጡቕ ጉጅለ ሑቲ ካብ ሕዳር 2023 ጀሚሩ ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንዝርከቡ ፍሊስጤማውያን ዘለዎ ደገፍ ንምግላጽ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕርን ወሽመጥ ዓደንን ምስ መንግስቲ እስራኤል ምትእስሳር ኣለወን ዝበለን ናይ ጽዕነት መራኽብ ዒላማ ክገብር ምጅማሩ ይፍለጥ።

## መንግስቲ ሩስያ፡ 92 ኣመሪካውያን ኣጊዱ



መንግስቲ ሩስያ፡ 92 ሰብኡት ውልቀ-ሰባትን ኣመራጺ ናብ ሃገሩ ከይኣትዉ ከምዝኣገደ ተገሊጹ።

እቲ ስጉምቲ፡ መልሰ-ግብሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ፕረዚደንት ጆ ባይደን ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት፡ ኣብ ልዕሊ ውሱናት ሩስያውያን ሰብኡትን ኩባንያታትን ዘጽደቖ እገዳ ምዃኑ ተሓቢሩ።

እቶም ተኣጊዶም ዘለዉ ኣመራጻውያን፡ ሰብኡት ጸጥታ፡ ኣካየድቲ ወተሃደራውያን ኩባንያታትን ጋዜጠኛታትን ከምዝጠቓልሉ፡ መንግስቲ ሩስያ ኣፍሊጡ።

ኣመራጺ ኣብ ልዕሊኣ ተጻብኦ ስጉምቲ ምስ እትቕጽሎ - ተመጣጣኒ ምላሽ ንምሃብ ድሕር ከምዘይትብል እያ ሩስያ ኣጠንቂቓ ዘላ።

ኣመራጽን ሩስያን፡ ሓድሕዳዊ ናይ ምእጋድ ስጉምቲ ክወስዳ - እዚ ናይ ፈለማ ከምዘይኮነ ጸብጻባት የረድኡ።

## "ምዕጻው መዐደኒ ቦታታት ገበን እዩ" ቀ/ሚ ሊብያ

ቀዳማይ ሚኒስተር ሊብያ ዓብዱል-ሓመድ ደብይባ፡ ኣብ ዝሓለፈ እዋን ብስሉስልጣን ምብራቓዊ ክፋል ሊብያ ዝተወስደ መዐደኒ ቦታታትን ወደባትን ናይ ምዕጻው ስጉምቲ፡ ብሕጊ ዘቕጽዕ ገበን ምዃኑ ገሊጹ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ነዚ ዝገለጸ ምስ ምክትል ፍልይቲ ተጸዋዒት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ሊብያ - ስቴፋኒ ኩሪ ኣብ ዝገበሮ ርክብ እዩ።

ኣብ'ቲ ርክብ፡ ደብይባ ምስ ሕቡራት ሃገራት ምትሕብባርን ኣጉዳስኡ፡ ምግዛዘ ዕጤ። እዋናውያን ቅልውላዋት ንምብዳህ ሓጊዚ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጽ፡ ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ደገፍ ማሕበረሰብ ዓለም ከምዝድሊ ኣስሚሩሉ።



ደብይባ ወሲኹ፡ ኣብ ምዕጻው እቲ ናይ ዕደና ቦታታት ዝተዋፈሩ ሰባት፡ ብሕጊ ክሕተቱ ዝግብኦ ምዃኑ ኣገንዚቡ።

ኣብ ምብራቓዊ ሸነኽ ዝመደበሩ መንግስቲ ሊብያ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ኣብ ትሕቲ ቁጽጽሩ ንዝርከብ ናይ መዐደኒ ቦታታትን ወደባትን ከምዝዓጾዎ ኣፍሊጡ እዩ።

ሊብያ፡ ድሕሪ ምእላይ ፕረዚደንት መዓመር ቀዛፊ ካብ 2011 ጀሚራ፡ ኣብ መንጎ ክልተ ቀንዲ ተቐናቐንቲ ምምሕዳራት ተኸፋፊላ ከምዘላ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ምብራቓዊ ክፋል'ታ ሃገር ብበይኑ ወከልቲ ህዝቢ ብዝደገፍ መንግስቲ ይመሓደር፤ ምዕራባዊ ክፋል እታ ሃገር ድማ፡ ብቤት-ምኽሪ ፕረዚደንትነት ዝደገፍ ኣብ ትሪፖሊ ብዝርከብ መንግስቲ ይመሓደር።

## ቓዛ - መኪና ፕሮግራም መግቢ ዓለም ተኹሲ ተፈንዩላ

ውድብ ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ ኣብ ምዕዳል ረድኤት ኣብ ወሽመጥ ቓዛ ንዝርከቡ ፍሊስጤማውያን ኣብ ልዕሊ እትነጥፍ መኪናኡ ተኹሲ ድሕሪ ምፍናው፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ክሳብ ዝወጽእ ሰራሕተኛታቱ ምንቅስቓሶም ደው ክብሉ ምዃኖም ኣፍሊጡ።

እቲ ተኹሲ፡ እስራኤል ካብ እትቆጻጸሮ ናይ ጸጥታ ነቑጣ ሜትሮታት ጥራይ ርሒቑ ካብ ዝርከብ ከባቢ ከምእተፈነወ እዩ ዝሕበር።

ኣብ'ታ መኪና ኣብ ዝበጽሑ ኣባላት ዝኾነ ጉድኣት ከምዘይወረደ፡ ፕሮግራም መግቢ ዓለም ሓቢሩ ኣሎ።

ኣፈኛ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ስቴፋይን ዱጃሪክ ኣብ ኒውዮርክ ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እታ ሰብኣዊ ሓገዝ ኣብ ምዕዳል እትነጥፍ መኪና - ብሓይልታት እስራኤል መጥቃዕቲ ከምእተፈጸማ ኣረዲኡ።

ፕሮግራም መግቢ ዓለም፡ ንሰበስልጣን እስራኤልን ኩሎም ኣብ ኩናት ቓዛ ዝሳተፉ ዘለዉ ወገናትን፡ ድሕነት ኩሎም ሰራሕተኛታት ረድኤት ኣብ ቓዛ ክውሕስ ጸዊዑ።

ኩናት ቓዛ ካብ ዝጀመር ንደሓር፡ ኣብ ልዕሊ መካይን ፕሮግራም መግቢ ዓለም ከም'ዚ ዓይነት ተርእዮ ኪጋጥም ናይ መጀመርታ ከምዘይኮነ ዝገለጸ እቲ ውድብ፡ ኣብ ልዕሊ ኣድላዪ ፍቓድ ዝማልአት መኪና ኣብ ጥቓ መፈተሺ ነቑጣ ብቐጥታ ጥይት ክትተኮስ ግን - እዚ ንፈለማ እዋን ምዃኑ ኣረዲኡ።




### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዘዋሪት ካመራ |
| 12:30 | ዜና ትግርኛ |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ማህደር |
| 13:30 | ዜና ዓረብ |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ድራማ |
| 16:20 | ሞዚይክ 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና ትግርኛ |
| 17:15 | ድራማ |
| 17:30 | ዜና ዓረብ |
| 17:45 | ሞዚይክ 2ይ ክፋል |
| 19:25 | እትመት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ቴራብ |
| 21:00 | ዜና ትግርኛ |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም ዋልታ ሓርማዝ |
| 22:00 | ዜና ዓረብ |
| 22:15 | ዓለም ሰሙናዊ |
| 22:30 | ዜና እንግሊዝ |
| 22:40 | እንቋዕ ዝማም |

## ቤት-ፍርዲ ብራዚል፡ ንኩባንያ 'ኤክስ' ክእግድ ምዃኑ ኣጠንቂቑ

ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ብራዚል፡ ወናኒ ኩባንያ ማሕበራዊ መራኸቢ 'ኤክስ' ቢልየነር ኢሎን ማስክ፡ ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ኣብ ብራዚል ሕጋዊ ወኪል እንተዘይሸይሙ፡ ነቲ ማሕበራዊ መራኸቢ ክእግዶ ምዃኑ ኣጠንቂቑ።



እቲ ቤት-ፍርዲ ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዝሃቦ ትእዛዝ፡ ሕጋዊ ወኪል ዘይምሻም ንጥፈታት ናይ'ቲ ማሕበራዊ መራኸቢታት ምቁራጽ ክስዕብ ከምዝኽእል ገሊጹ።

ዳኛ እቲ ቤት-ፍርዲ ዲ ሞራስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ዓመታት - ናይ ደገፍቲ ፕረዚደንት ብራዚል-ነበር ጃየር ቦልሶናሮ ዝርከቦ ልዕሊ 100 ናይ 'ኤክስ' ሕሳባት ክቋረጽ ኣዚዙ ምንባሩ ይዝከር።

ኢሎን ማስክ፡ ንገለ ናይ ኤክስ ሕሳባት ክዕጹ ዝተዋህቦ ትእዛዝ ከምዘየኽበረ ዝገለጸ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ብራዚል፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሚያዝያ እውን እንተኾነ፡ እቲ ብዓል-ሃብቲ ንልኡላውነት ብራዚል ይግህስ ከምዘሎ ገይሩ ሓበሬታ ኣብ ምዝርጋሕ ይሳተፍ ምህላዉን ከሲሱ።

ኩባንያ ኤክስ፡ ዳኛ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ብራዚል ደ ሞራስ ንሓደ ካብ ሕጋውያን ወከልቲ ናይ'ቲ ኩባንያ፡ ቤት-ፍርዲ ብራዚል ዘመሓላለፎ ትእዛዝ እንተዘይኣኽቢሩ ክእሰር ምዃኑ ከምዘፈራርሖ ብምግላጽ፡ ኣብ መጀመርታ ናይ'ዚ ወርሒ'ዚ ንጥፈታቱ ኣብ ብራዚል ከቋርጽ ምዃኑ ሓቢሩ ነይሩ።

ይኹን'ምበር፡ ላዕለዋይ ቤት-ፍርዲ ብራዚል ኣብ'ቲ እዋን'ቲ - ብዛዕባ እቲ ኩባንያ ኤክስ ዘቕረቦ ክሲ ዝኾነ ርእይቶ ኣይሃበን።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ሰላም | 30/08/24 | ጎደና ሰላም ቁ.ገዛ 47 | 122350 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services